# ጉዳይና ካበይ ናበይ

## ካልኣይ ክፋል።

ኣብ መሰረታዊ መፍለይ ህዝባዊ ሓይልታት ጭብጢን መንነት ናይቲ ኣተግባሪ ዲክታቶር ኢዩ። ይኹን እንበር ንተዘክሮና መታን ውዕውዕ ትገብር ናይ ሓንቲ መዓልቲ ምስሉን ምስሊ ቲቪ.ኤረን (ዕለት 31.12.2009) ከም መወከሲ ገለ ጽሑፋት ተኻታቲለ ድሕሪ ምውህላል፣ እዛ ዕለት እዚኣ ከምተን ዝሓለፋ ናይ 43 ዓመታት፣ ናታ ትሕዝቶ ቁንጭል ኣቢለ ኢየ ከቅርብ ዝመረጽኩ። ቀንዲ መቐጸልታ ናይተን ዝመጻ ተኻታተልቲ ትሕዝቶይ ግን ነቲ መፍለይ ህዝባዊ ሓይልታት ዝሃበቶ ፈላሚ መግለጺኣ ናብ *<u>ንሕናን ዕላማናን“</u>* ኢየ ከተኩር። እዚ እውን ጉዳይና ንምብራህ ዝሓለነ ስለ ዝኾነ።

ንጉዳይና መታን ኣቓልቦ ክንግብረሉ ከም ሓዳሽ ዓመተ 2010 ትህቦ ምልክት ብቐረባ ንምስትብሃል ቆላሕታይ ኣብ ድሮ ዕለት 31.12.2009 ኢየ ሃሰስ ክብል ውዒለን ኣምስየን ሓዲረን። ገለ ካብቲ ሃሰስ መበሊ ወፈራ፣ ምስ ምኩራትን ጀመርቲን መጋድልተይን፣ ካብ ኤርትራ ዝፍኖ ፈነዋ ቲቪ-ኤረን፣ ከምኡውን ገለ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝፍጸም ሕጽር ዝበለ ፍጻሜታት ኢየ ክቐናጥብ ከቕርብ ፈቲነ። ዛጊድ ኣብቲ ምስ መጋድልተይን ገለ ኣጋይሽን ዝተኻየደ ከቓድሞ ድልየት እኳ ይንበረኒ እንበር ምስቲ ኣብ ፈነዋ ቲቪ.ኣረ ከዛምዶ መሪጸ። ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዝተፈጸመ ከም ካልኣይ ክሰርየ ዝመረጽኩ። እቶም ተዋሳእቲ ነቲ ዝተፈጸመ ጠንቂ ህዝባዊ ምትላል ስለ ዝለመድዎ፣ ኣብዛ ካብ ድሮ ክሳብ ወጋሕታ ትበዓል እንታይ ተዋስኦ የርእዩና ዝብል መገናዘቢ መድረኽ ንምግለጽ ዝመችእ ኮይና ረኺበያ።

እቲ ንቅርጺ ኤርትራ ብዘይ ባይቶን ሕግን ወይ ብድልየት ምውካስ ህዝብን ዘይተፈጸመ ታሪኻዊ ምምሕዳራት ኤርትራ ዝጎዛዘየ ግዕዙይን ኢደ-ዋኒናውን ተግባር ዝእንፈት፣ ህዝቢ ግን ነቲ በደል ፈሊጥዎን ፈንፊንዎን ከሎ፣ ነብሰ-ምትእምማን ኣጥፊኡ፣ ነቲ ሰፍ ዘይብል ከቢድ ናይ ባርነት ቅርጺ ብልኡም ውሽጣዊ ተቓውሞ ምቕባሉ ኣዝዩ ኢዩ ዘተሓሳስብ። ሓደ ምስ ኣዝዩ ካብ ምምሕዳር ህግደፍ ዝሓየልን ዝገጥም ዘሎ፣ ነታ ኣብ ዓለም ዘለዎ ሓያል ጽልዋኣን ቅልጽማን ሰፍ ዘይብል መንግስቲ እስራኤል ንምቅዋም፣ ብዳርባን በእምንን ዝገጥሙ ፍልስጠኤማውያን ክትዕዘብ ከለኻ፣ ብመንጸሩ ነቲ ምጽቃጥናን ንዝኸፍአ ጭቆናን ሕሰምን፣ ንሕና ድማ ብኣንጻሩ ንኹሉ ሕሰም ተጻዊርና ምኻድና ኣዚኻ ትሓዝን። ይኹን እንበር ሓዘንን ኣስናን ምሕርቃምን፣ ዘይጽወር ተጻዊርካ ምኻድን መፍትሒ ዘይኮነስ፣ ንፍታሕ ዝመርሕ መሪሕ ክትፈጥረሉ ኣብ ዘይትኽእል ባይታ ከም ትወድቕ ኮይኑ ይስመዓካ። እቲ ደጋፍን ተቓዋምን ክልቲኡ ከም ዝተፈላለየ ደንበ ሓባራዊ መግለጺ ይሃልዎ ግን ካብ ሽግሩ ምፍታሕ ተነጻጺሉ ምህላዉ ዘይክሓድ ሓቂ ኢዩ። ገና ገለ ገለ ብልጭ ድርግም ዝብሉ መደናገርቲ ስጉምትታት ንምእላይ ዝካየድ ፋሕተርተ ክሕይልን ክበራተዕን፣ ዓመት 2010 ከተበርክት ትምኒት ኩላህና ኢዩ።

ትዕዝብቲ ፍርቂ ለይቲ ኣብ ኣስመራ።

ኣርባዕተ ኣባላት ቲቪ.ኤረ ኢየን ነቲ ዝመሓላልፍ ዝመርሖ ነይረን። ናይ ሓዳሽ ዓመት ሪችት ምስ ተተኮሰ ዘርኢ ስእሊ ምስ ተመሓላለፈ፣ እተን ወይዘራዝር ናብ ዝተፈላለየ ኩርናዕ ገጸን የምርሓ። እታ ከዲጃ ትበሃል ውዕይትን ግን ገርህን ግሉጽ ሕቶን ካብኣ ዝቦቐለን ግንብኻልእ ዘይተጸልወን ርእይቶኣ ተቕርብ መንእሰይ፣ መጉልሕ ድምጻ ዓቲራ ምስ ኢሰያስ እንተ ብመደብ እንተ ሃንደበት ጎፍ ንጎፍ ትራኸብ። ድሕሪ ናይ ዮሃናን ጽቡቕ ዓመት ይግበረልካ ዝብል መግለጺ ሕቶታታ ከምዚ ዝስዕብ ገይራ ተቕርበሉ።

ሓታቲት፣ ናይ ዝሓለፈት 2009 ገምጋማካዶ ምሃብካና?
ኢሰያስ፣ ንዓይ እታ ዓመት ብምልእታ ኢያ ጠፊኣትኒ። ሞሊቓ ኢያ ጠፊእትኒ።

ርእይቶይ።
ንገታር መልሲ ኢሰያስ ኣብ ስእሊ ንዝተዓዘቦ ዘስደምም ኢዩ። ዝቐርጽክሞ ናይ ኢንተርነት መርባባት መሊስኩም እንተ ትፍንውዎ፣ መንነት ኢሰያስ ኣብቲ ንሓድሽ ዓመት ንህዝቡ ንመጀመርያ ድሕሪ ቁሩብ ካልኢታት ክህልዎ ዝነበረ ኣቀራርባ ካብ ስነ-ስርዓት ወጻኢ ብዝኾነ ስእላዊ መግለጺ ኢዩ ክንበብ ዝኽእል እሞ ሓደራ ክትደግመዎ ይላቦ። እንተ መግለጺኡ እታ ዓመት 2009 ሞሊቓ ምጥፍኣ መግለጺቱ ንሱ ዘይዓገበላን ሃርጋፍ ጠባዩ ዘይረወየሉን ካብኡ ንላዕሊ ከብርሃ ዝኽእል ሰብ ክህሉ ኣይክእልን። ግን ንሱ ዘይፈለጦ፣ ንሕና ግን ካብ ዝተሰለፈሉ እዋን ሓዊስካ ማለት ካብ መስከርም 1966 ጀሚርና ልዕሊ 43 ዓመታት ጠፊኤናና ከም ዘለዋ ክግንዘበልና ኣይንጽበን።

ካልኣይቲ ሕቶ እታ መንእሰይ ከድኻ።
ሓታቲት፣ ብኣሰራርሓ ዘይዓገብካድ'ዶ ክኸውን ይኽእል?
ኢሰያስ፣ ኣነ ብወገነይ ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ናይ ሰለስት መዓልቲ ኢየ ዝሰርሕ።

ርእይቶይ፣

እቲ ፍጹም መለኮታዊ ባዕሉ ፕረዚደንድት ዝሸመ ውልቀ-መላኺ፣ ነታ ኣቐድም ኣቢሉ ዝገልጽክዋ ነብሱ ከም ስላሴ፣ ሓደን ሰለስተን ገይሩ ምግላጹ ኢዩ ንኣጋላልጻይ መረጋገጺ ብምቕራሩ የቐንየለይ ዘብሎ። ሓንቲ መዓልቲ 24 ሰዓታት ኣለዋ። ኢሰያስ ግን ኣብ ሓንቲ መዓልቲ 72 ሰዓታት ከም ዝሰርሕ ኢዩ ገሊጹልና። ከምቲ ኣብ ኣለናኪ ዝብል ቶኽታኺ ናይ ኢንተርነት ወካሊኡ ምስ ስእሉ፣ HIS EXCELLENCY, THE LION OF NAKFA ትብል ኣብታ ዝቐነየት ቀዳመይቲ ገጽ ዝፈነውዋ ምስታ HIS EXCELLENCY THE LIION OF JUDEA ትብል ናይ ሃይለ ስላሰ ፍልልያ ክትረኽቡ ፈትኑ።
ኢሰያስ ናብ ንግስነት ገጹ ዘመጣጥር ስእሊ ኢዮም ኣቕሪቦም።

ሓታቲት፣ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ንመን ዮሃና ክትብል ትመርጽ?
ኢሰያስ፣ ንኤርትራ ጓለይ።

ርእይቶይ፣
ኢሰያስ ድሕሪ ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ ፈተና (SCHOOL LEAVING EXAM) ናብ ዩኒቨርሲቲ ቀዳማይ ዓመት (freshman) ምእታዉን፣ ናብ ካልኣይ ዓመት ዘየእቱ ኩነታት ምስ ኣጋጠሞ ናን ከሰላ ናብ ተሓኣ ክጽንበር መሪጹ። ብትምህርታዊ ደረጃ ዝበጽሖን ዘዋህለሎን ማለት ካብ ትምህርታዊ ናብ ንዋታዊ ዝላ (ብውዕለት ናብ ደሞዝን ብረሃጽካ ምንባርን ከይተመኮረ) ከይገበረን፣ ከም ሰብ ዝኾነ ይኹን ናይ ስራሕ ተሳትፎ ከየርኣየን ናይ ስድራን ቤተ-ሰባዊ ሓላፍነት ከይተሰከመን ኢዩ ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከይዱ። እዚ ዝኾይ ይኹን ሓልፍነትን ሓልዮትን ኣርእዩ ዘይፈልጥ ሰብ፣ ኣብ ሜዳ እውን ኩዒቱን ፋሕቲሩን ኣባል ቕያዳ ኣልዓማ ካብቶ 38 ኣባላት ሓደ ክኸውን ኣብ ሓጺር እዋን ምኽእሉን፣ ፈትፊቱ ክድይብ ክኢሉ። ኩሉ ኤርትራዊ ፍጡR ንሃገሩ ከም ኣዲኡ ኢዩ ዝገልጻ። ንሱ ግን መጀመርያ ክውንና ስለ ዝወጸ ከም  ውላዱ ንኤርትራ ገይሩ ኢዩ ዝገልጻ። ኤርትራ ናይ ብሕቱ ኢያ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘለዉ ገላውኡ ድማ ነቲ ቃድራታትን ቦዱን መሬታ ሓሪሶም ንማሕፉዱኡ ኢዮም ክኻዕብቱ ዘለዎም ዝብል ስስዑ ክኽተል ከም ዝጸንሓን፣ ብድሕሪ ሕጂ እውን ዕላምኡ ከምኣ ከም ዝኾነ ኢዩ ኣብሪሁ። እንተ እቲ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሕልሙ፣ ናይ መላእ ኣፍሪቃ ቀጺሉ እውን ኣብ ዓለም እንኮ መራሒ ክኸውን ምድላዩ ድሕሪ ናይ ወርሒ ታሕሳስ 2009 ማዕቀብ፣ ዓለም ትተፍኦ ከም ዘላ ካብ ቃላቱ ኣይሰማዕ እንበር፣ ምብህራሩ ርኡይ ኮይኑ ኣሎ።

ቀጺለ ነቲ ናይ ፈውዝያ ሃሽምን ናይ ኣደ ኩለን ነስነስቲ ዕንባባ፣ ኣስካሉ መንቆርዮስ ዓጀውጀም ንጎድኒ ገዲፈ፣ ናብ ናይ ፍሊጶስ ቃለ መሕትት ከድህብ እመርጽ። እዚ ሓቂ ገዲፍካ ዝግበር ሽፋን፣ ብወገነይ ርእሱን ዝኸኣለ ጓዕጻጽ መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ሽፈነን ሽፋፈነን ከመሓላልፍ ኣይመርጽን። ሎሚ ነቲ ዘፍርሓና ኣርእስታት ተኣፈፍቲ ይኹኒ እንበር ከነቕርቦም ንግደድ። ኣውራጃዊ ሕማም ብመንግስቲ ኢዩ ናብ ህዝቢ ዝላባዕ ዘሎ። ይምረር ሓቂ ከም ስእሊ ኩላህና ክንርኣን ክንዕዘባን ንውዓል እንበር፣ እንተ ብርሒ እንተ ብስክፍታ ክንገልጸ ኣይንደልን። ትውጻእ ኣነ ግን ከግህዳን ኣብ መድረኽ ክሽፍታን እመርጽ።

ኢሰያስን ፍሊጶስን ሓንቲ ኢያ ጸሎቶም። ማእከልነት ሃገር ከም መራሕቲ ኣብ ሓንቲ ጽላል ኣራጢጦም ኣለዉ። ኣብ ዞባ ማእከል ማለተይ ኢየ። መደበር ስልጣኖምስ ዞባ ማእከል ኢያ። ፍሊጶስ ማዓርጉ ስለ ዝመረጸ፣ ቀንዲ መጸውዒቱ ገዲፉ ነታ ዞባ ማእከል ትብል ርዒሙላ ኣሎ። እታ ጥንታዊትን ታሪኻዊትን ሓማሴን ትብል ቃል ፈጺማ ኣብ ጠረጴዛ ኢሰያስ ስለ ዝተበገሰት ዝመረጸ ኣይመለንን። ግን ዝብኢ ነታ ዝጥማ ዓጽምን ስጋን እንበር ነታ ትቐርብ በትሪ ስለ ዘየማዕዱ፣ ንሱ እውን ንታሪኹ ክትድምስስ ተገዲዱ። ኣብታ ዞባ ማእከል ኢዩ ተማእኪሉ። ኣብ ናቱ ቃለ ማሕተት ንመንእሰያት ከም ሃዋርያት ገይሩ ገሊጽዎም። ብኻልእ ድማ ነቲ ዘሕልፍዎ ዘለዉ ሽግራት ክገልጽ ከሎ፣ ኣብ ግንባራት ሰፊሮም ክምርዓዉ፣ ክንእሱ ዘይምኽኣሎም ከም ዝሕዝኖን ግን ኣብ እዛ ትኣቱ ዘላ ዓመት 2010 ኩሉ ከም ዝቃለልን ብልጽግና ሃገርን ህዝብን ዝረጋገጸሉን ዝሰምረሉን ውጥን ተነጺፉ ከም ዘሎ ከበስሮም ፈቲኑ።

ኣየ ፍሊጶስ፣ ንስኻን ኣያኻን ጸሎትኩም ሓደ ስለ ዝኾነ ኩሉ እንዶ ግዳ ተማሊኡልኩም ምሸት ምሸት ኣብ ክንዲ መንእሰያት ትንእሱን ትመርዓውንዶ ኣለኹም። ንሰም ደኣ ካብ ጉድጓድ ወኻርያ መን ውጹ ኢልዎም ክምርዓዉን ክንእሱን? ንስኹም ከይተኣለኹም ንእስነት የለ መርዓ የለ። ናይ ቲቪ ኤሪ ኣብዚ ዓጀውጀው ኣብ ኣብቂዔ ኣብቲ ኣብ ሃገርና ዝተረኽበ ገለ ዘስካሕክሕ ተርክቦታት ክገልጽ ኢየ። ገለ ዝገልጾ ቆንጪለ ኢየ ዘቕርቦ ዘለኹ እንበር፣ ንኹሉ ክጽሕፎን ወይ ኣብ ቃላት ብጽሑፍ ከስፍሮን ግን ግዜን ኩነታትን ኣየፍቅድን። ኮይኑ ግን ካብዚ ኣነ ዘቕርቦ ዝገደደ ኣብ በቤቱ ክም ዘሎ ኣይስሕቶን። ግን ኣብቲ ምስ ብጾተይን ካብ ውሽጢ ሃግር ሰንቒሞ ዝተመልጹ ሓቀኛ ፍጻሜ የቕርብ።

ካብቶም ምሳይ ኣብ ዕለት 31.12.2009 ዘዕልሉ ዝነበሩ ኢየ ጸብጺበ ክም ቃሎም ዘቕርብ። ውድቀት ሃገርናን እዞም ጉጅለ ህግደፍ ዘስዓብዎ ማሕበራዊ ዕንወት ዝገልጻ ካብ ብርክት ዝበላ ክልተ ፍጻሜታት እነዋለ።

ሓደ ኣብ ኣገልግሎት ዝርከብ መንእሰይ ስድርኡ መታን ሓድጊ ከይተከአ ክመውትን ውይ ናብ ስግር-ዶብ ኣምሪሑ ክጠፍኦም ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ዘእተዉ ስድራ ለሚኖም ለማሚኖም ካብታ ኣሃድኡ ንዕረፍቲ ከም ዝመጾም ይገብሩ። ኣዳልዮሞ ዝጸንሑ ናቱን ናይ ዛጊድ ድፌልጥዋ ዓርኩ ዝነበረት መርዓ ብፍቓዱን ብፍቓዳን ክልትኤን ስድራ ቤታት ብሓባርን ብቕጽበትን የመርዕውዎም። ድሕሪ መርዓ ሕጽኖት ተወዲኡ እቲ መርዓዊ ናብ ኣሃድኡ ይምለስ። እታ መርዓት ትጠንስ። ድሕሪ ትሽዓተ ኣዋርሕ እውን ተወልደ። እቲ መርዓዊ ፈጺሙ ኣይቅልቀልን። ብተደጋጋሚ ኩነታት ሕርሳን ጥንሳን እውን ይግለጸሉ። ፍቓድ ክረክብ እውን ኣይከኣለን። ሰለስተ ዓመት ናብ ስድርኡ ክበጽሕ ወይ ናብ በዓልቲ ቤቱን ውላዱን ዘምጽእ ዕድል ስለ ዘይረኸበ፣ እቲ ሽግር ኣብ መንጎ እተን ስድራ-ቤታት ይባራዕ። ስድራ ጓል ይርበጹ። ንስድራኣ ክትበጽሖም ከላ ኩሉ ክም ዝሓርበታን፣ ናይ ባዕላ ህይወት ክትመርሕ ዘይምኽኣላ ኣምሪራ ንወለዳ ትሕብር። ክም ምኽንያት ጥራይ ዘይኮነ ክም መደብ እታ መርዓት፣ ግዝይኣ ብኮንቱ ካብ ምጥፋእ ክትመሃር ምምዳባ ንእንዳ ሓሙኣ ትገልጸሎም። ስድራ ወዲ ግን ቆልዓ ከተዕቢ ክም ዘለዋ ኣሚቶም ከይትመሃር ይኽልክሉ። ፍትሕ ብስድራ እታ መርዓት ይጥለቡን ጓሎም ይእክቡን። ኣብዚ ተሓታቲ ፍሊጶስን መራሕቲ ሰራዊትን ክም ዝኾኑ ክም ክትዕ እውን ኣብ መንጎና ይቐርብ። ግን ዝኸፍኣት ድማ እታ ካልኣይቲ ናይ መንእሰያት ሽግር ትቕርብ።

እንሆት ድማ፣
ከምቶም ክልተ መንእሰያት መጻምዲ ካልኦት ክልተ ድማ ናይ ዝተመርዓዉ ዝኸፍኣት ትቕርብ። እቲ መስርሕ ተመሳሳሊ ኢዩ። እታ ካልኣይቲ ግን ብዝያዳ ዝኸፍኣት ዝገብራ ኣብቶም ስድራ-ቤታት ዝወርድ ጸግምን ሽግርን ኢዩ። ኣብታ ሳዕለወይቲ ናብ እንዳ ወድን እንዳ ጓልን ዝቕርብ ናይ ሓባር ጸገም ኢዩ ነይሩ። ኣብታ ካልኣይቲ ግን ፍልይ ዝበለት ኢያ። እታ መርዓት ትሓርስ፣ ንሰለስተ ዓመት ድማ ትጽብ፣ መርዓዊ ግን ኣይቅልቀልን። ኣብ ንኡስ ዕድመኣ ዝተመርዓወት መንእሰይ በዓል ቤታ ኣብ ከርሲ ሃገር ኣብ ግንባር ኣሎ እንዳ ተባህለ ከምታ ሓንቲ ንሰለስት ዓመት ትጽብ። መርዓዊ ኣይቅልቀልን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ካብ ጽሑፍ ሓሊፉ ካልእ ዘቕርቦ ቀረብን ደሞዝን ንመነባብሪኣ ዝኣክል እውን የለን። ኣብ መጀመርያ ዓመት ቆልዓ ትገላገል። ድሕሪ ሕርሲ እውን ልዕሊ ክልተ ዓመት ትጽብ። መርዓዊ እውን ናይ ውላዱ ሓላፍነት ክስከም ይትረፍ ክርኢ እውን ኣይመጽእን። ኣብ ሳልሳይ ዓመት እታ መርዓት ሃንደበት ትጠንስ። ስድራ-ቤታት ብዙሕ ይርበጹ። ተደጋጋሚ ሕቶታት ይቐርብ። ወልዲ መርዓት ብሕቡእ ዶኾን መጺኡ ነይሩ ይብሉ። እንዳ ወዲ እውን ነቲ ብዘይ መርዓዊ ዝተፈጸመ ጥንሲ ናብ ብዙሕ ሞራላውን ካልእ ሕቶታትን ዘስዕበሎም ጸገም ይሽመሙ። ብዘለዎም ዓቕሚ ንመርዓዊ ከም ዝግለጸሉ ይግበር። መርዓዊ እውን ብድሕሪኡ ከም ዝጠነሰት ምስ ተገልጸሉ ኣሃድኡ ንሓደ ሰሙን ንኣስመራ ክኸይድ ተፍቀደሉ። ካብ ሰራዊት ክይፍለን ናብ ስድርኡ በዓልቲ ቤት ክኸይድ ንሰለስተ ዓመት ዘይተፈቕደሉ ኣባል ኣገልግልት መርዓቱ ብጽሕቲ ወርሒ ኮይና ምስ ረኸባ ናብ ጓህሪ ተለወጠ። ኩሎም እቶም ኣባላት ስድራ ድማ ዝሕዝዎን ዝጭብጥዎን ጠፍኦም። ምዕሩይን ስሩዕን ባህርን ጠባይን ሰበይቲ ወዶም ብቐረባ ስለ ዝፈልጥዎ ናይ ምጥናሳ ጉዳይ ሕንቅልሕንቅሊተይ ኮይኑዎም ኢዩ ጸኒሑ። ዝገደደ ድማ ሓቲቶማ ብምንባሮም፣ ግን ካብ ትጠንስ ንዝቕርበላ ሕቶታት ናይ ሖሞኣን ሓማታን ካብ ምምላስ ተሓሲማ፣ ኣነ ጠኒሰ ኣለኹ ዝመስለኩም ኣድላይ ስጉምቲ ውሰዱ፣ ኣነ ብወገነይ ንሕታትኩም ክምልስ ድልውቲ ኣይኮንኩን፣ ኣይትሕተቱኒ፣ ዝኣኽለኒ ተጸብየ፣ ንሱ ኣብ ጉድጓድ ምክልኻል፣ ኣነ ድማ ኣብ ሓጹር እዛ ገዛ ብኽንቱ ብትጽቢትን ትርጉም ብዘይብሉ መጻእን እጸበ ኣለኹ። ጥንሰይ ሳዕቤን እንበር፣ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ካልእ ኢዩ፣ ክትብል ትምልሰሎም ነበረት። ሕጂ ግን በዓል ቤታ በይና ገይሩ ክሓታ መጸ። ሕቶታቱ ደርዲሩ መን ከም ዘጥነሳ ክፈልጥ ፈተነ። እቲ ስድራ-ቤት ዘይተጸበይዎ ኮይኑ ጸንሐ ዘይምንጋራ ድማ ኣብ ጥዕና ወለዱ ኮነ ምስ ስድርኣ ተተኺሉ ዘሎ ከቢድ ጽልኢ ሓበራ። ሰብኣይ

ኋልና ብሕቡእ ናብ ስድርኡ ምምጽኡ ዘይምሕባሮምን፣ ኣብ ልዕሊ ኋሎም ዘሎ ንዕቀትን ገሚቶም ሻሕካር ዝምድና ከም ዝቦቖለ ገለጸ። ግን እቲ መጥነሲ መን ኢዩ? ናይ ጉድ ጉድ፣ ንሰማዒ ዘስደምም፣ ጠንቂ ናይቲ ጥንሲ እታ ሃገር ኮይና ጸንሐት። እዞም ንቡር መርዓ እንበር ንቡር ሓዳር ክገብሩ ዘይተፈቐደሎም መንእሰያት፣ ከም ክልተ መጻምዲ እንተ ብእቶት እንተ ብማሕበራዊ መልክዕ ናይ ብሕቶም ቤት ክገብሩ ይትረፍስ፣ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ጽላል ዘየዕልሉ፣ ብዝተፈጥረ ናይ ዶብ ግጭት ንዘልኣለም ተፋላልዮም ክነብሩ ዝተገብረ እኩይ ዘይፍታሕ ፖለቲካዊ ማእለማ ኢዩ ነጻጺልዎም።

ፍተዉ ጽልኡ እቲ ጉዳይ ኣብ ኣስመራ ዝተፈጸመ ሓቂ ኢዩ። ኣጥናሲ ድማ ምንኣሱ ሓዉ ንመርዓዊ ኢዩ። ክልተ መንእሰያት ብሓባር ክነብሩ ዘየፍቅድ ዝተመጠ ግዜ ኣብ ሓንጎል መንእሰያት ዘስዕቦ ጠንቂ ብሩህ ኢዩ። ማሕበራዊ ጽፈትን ባህርን ካብ ንቡር ብምጽኡ መለለይ ማሕበራዊ ዝኾነ ባህልናን ልምድናን ክድምሰስ ዝተገብረ ኢዩ። ሎሚ እቶም ኩሎም ናብ ስደት ዘምርሑ ዘለዉ መንእሰያትና ኣብ ልዕሊ ማሕበረ ሰብና ዘስዓቦ ጠንቂ ኢዩ መበገሲኦም። ካብ ካብ ሃገሮም፣ ካብ ህዝቦም፣ ካብ ወለዶም ዝጽበዮዎ ኩሉ መጸበይታ ዘይብሉ ኮይኑ ስለ ዝረኸብዎ፣ ናብታ ዘይፈልጥዋን ናይ ስደት ዓለም የምርሑ ኣለዉ። እታ ቀንዲ ሕመረት ሕብረተ-ሰብ ዝኾነት ስድራ-ቤት ስለ ዝፈረሰት፣ ሃገር ብተዛማዲ እውን ህላዌኣ ኣብ ምህላውን ዘይምህላውን ተንጠልጢላ ትርከብ። እዚ ሕጂ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ካብዚ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ውልቀ-መራሒ መንነቱ ዝገልጽ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ገና መቀጸልታ ናቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናገደደን ተንኮሉ እናዓሞቐን ይኸይድ ከም ዘሎ፣ ከም ኣብነት ንምቕራብ ኢዩ።

ኤርትራዊት ስድራ ቤት ብመግዛእቲ ክትነጻጸል ሓዲሽ ተርእዮ እውን ኣይኮነን። ኣብ መግዛእቲ ጥልያን እውን መንእሰያት ተዓስኪሮም ንሶማልያን ንልብያን ይውሰዱ ነይሮም። ትጽቢት እውን ዝተመጠን ዝተናወሐን ነይሩ። ግን እተን ኣብ ዓዲ ዝተረፋ ስድራታት ካብ መንግስቲ ሞሶሊኒ ናይ መነባብሮ ዱጎማን ዓስብን ይወሃበን ነይሩ። ናይ ሽዕ ስክፍታ ነቲ ዝወሃብ ዝነብረ ደሞዝን ስንቅን ካብ ናይ ሎሚ ዝበለጸን ዝትዓጻጸፈን ስለ ዝነበረ፣ ግለ መረባዕ ከስርሓ ከለዋ ድማ መሓዛይ መሓዛይ ዝብል ናይ ነንሕድሕደን ምትዕድዳም ንዝረከብኦ ይዘርውኦ ምንባረን ዝገልጽ ገለ ደርፍታት ምንባሩ ዓበይቲ ይገልጹልና ነይሮም። እቶም ናብ ስድርኦም ብኣጋ ክምለሱ ዘይከኣሉ (ካብ ሊብያን ሶማልያን) ከምዚ ዝበለ ደርፊ ይደርፉ ነበሩ ይበሃል።

ቫልያ ሰዲደልኪ ኣለኹየ
ኣንቢርክዮዶ ሰትኺዮ ሻሂየ።
ናይ ሽዑስ ካብ ሊብያን ካብ ሶማልያን ዘሎ ርሕቀት ኢዩ ነይሩ። ናይ ሎሚ ግን ካብ ዶብ ንውሽጢ ሃገር። መን ይኸፍእ? ባዕዳዊ ሞሶሊኒዶ ወይ ኢሰያስ? እስከ ፍረዱ።

ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ዝገለጽክዎ መበገሲ ኣርእስተይ ጉዳይና ካበይ ናበይ ዝብል ኮይኑ፣ ብፍላይ ከም ህዝቢ ነቲ ሃገርና እንተ ንረብሓና ወይ ጸረ ረብሓና ዝቕጽል ዘሎ ጉጅለ፣ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልስና ከም ጫለዳ ንጎድኒ በሲዑ ዝተፈልየ፣ ግን ገና ኣብ ስልጣን ኩጢጥ ዝደየበ ውልቀ-ሰብን ጉጅለን ዘስዓበልና ሳዕቤን ንምግምጋም ኢዩ።

እዚ ኣብ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ህዝብን ሃገርን ብግሉጽ ዝፍጸም ዘሎ ገበንን በደልን፣ እኩብን ውህሉልን ናይቲ ኣብ ብረታዊ ቃልስና ዝተኻየድን ክንከላኸሎ ዘይከኣልናን ጉጉይ ናይ መላእ ኣቃላልሳ ሜላ ኣባላት ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ሓይልታትን ኢዩ። እወ ኣባላት እዛ ውድብ ክብል ከለኹ ብፍላይ ነቶም ነዚ ክእርሙን ከመዓራርዩን ክብሉ ክቡር ህይወቶም ዝኸፈሉ ኣይምልከትን። ክሳብ ሎሚ እውን እንተኾነ ነዞም ጀጋኑና ክላኸልሎም ዝተበገሱን ዝሃቀኑን በጻብዕ ዝቑጸሩ ኢዮም። እዞም ኣዝዮም ድሩታት ደፊሮም ክጽሕፉን ክእውዩን ዝኸኣሉ፣ ሕድሮም ብዘይምጥላሞም ክምስገኑ ይግባእ። እቶም ማዕከን ታሪኽ ሒዞም ዘለዉ፣ ዓለም ጽላለት ስለ ዝኾነት፣ ነዛ ገዛ ክራይ ዝኾነት ካብ ፕላነትና ቅድሚ ምስንባቶም፣ ዘለዎም ኋሕጊሖም ከውጽኡ እላበዎም።

ህዝባዊ ሓይልታት ጥር ኢላ ካብ ዝቦቖለትሉ ዕለት በብቕሩብ መሰል ተጋደልቲ እና ተሻራረፈ እና ተቖራረምን ሃደሽደሽ ኢሉ ዓንዩ። ህዝቢን ኣባላት ሰራዊትን እውን ንመሰሉ ዝቃለሱ ጀጋኑ ከም ዘለውዎ ኣይተሓበሮን። ኣብ ውሽጢ ብፍላይ ኣብ ሓለዋ ሰውራ እንታይ ይፍጸም ነይሩ? ንሰራዊት እዛ ውድብ ተገሊጽሉ ኣይፈልጥን። እቲ ዘገርም ተሳሒቡ ዝእሰር ሰብ ብዝያዳ ደሃዩ ክይተሰምዐ ናብ ፍሉይ መልእኽቲ ከም ዝተመደበ ዝመስል መጸዋዕታ ተገይሩ ኢዩ ዝሓቅቕ ነይሩን ሕጂ እውን ብተዛማዲ ይሓቕን ዘሎ። እቲ ዝሓቅቕ ተጋዳላይ ናበይ ከይዱ ዝብል ብኣባላት ሓንቲ መስርዕ ዝቐርብ ሕቶ የለን።

ብሓጺሩ ሓቲተ ነይረ ዝብል ውልቀ-ሰብ ኣብ ህዝባዊ ግንባር የለን። ብሓጺሩ ክሓትት ከም ዘይብሉ ከም ሕጊ ዝሰፈረ ኣካይዳ እታ ውድብ ብኹሉ ቅቡል ኮይኑ ተሰርሑሉ። እዚ ዘይከሓድ ሓቂ ኢዩ። ክልተ ኣሕዋት እውን ሓደ ካብኦም ምስ ዝሰሓብ እቲ ካልኣይ ክሓትት ዝሃቀነ ፈጺሙ የለን። ብመላእ እቲ ተጋዳላይ መሰሉ ክግፈፍ ተቐቢልዎን ብስቕትኡን ኣጽዲቕዎ ኢዩ። ክሳብ ከምዚ ዝበለ መነባብሮን ህይወት ከሕልፍ ዘጽቀጠ ተጋዳላይ ሃገር ከውሕስ ይኽእል ኢዩ ኢሉ ዝጽበ ሃገራዊ ለዋህ ተባሂሉ ኢዩ ጥራይ ዝጽዋዕ።

ህዝባዊ ሓይልታት ነቲ ኣብ መስከረም ሓደ 1961 ዝጀመረ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከም ብራእስታት ጀብሃን ዝተመስረተ፣ ዘስዓቦ ኣዝዩ ድሑር ቀቢላውን ናይ እምነትን ጸገማት ንሽግር እታ ሃገር ክፈትሕ ኣይክእልን ካብ ዝብል መርገጺ ኢያ ክትንጸል ዝወሰነት። ኣብቲ ሓፈሻዊ ናይ ምንጻል መርገጺ እውን ኣብ ውሽጢ ተሓአ ናይ ምትዕርራይ ፈተነ ኣብ ዕጽው ማዕጾ ከም ዝተበጽሐ ኢዩ ብጹሑፍ ተዘርጊሑ። ክዕረ ዘኽእል ኩሉ ፈተነታት ስለ ዝተጸንቀቐን፣ ናይ ምንባር ሕቶ ናይ ዝተወሰኑ ተጋደልቲ ህይወት ኣብ ሓደጋ ከም ዝኣተዉን ዝገልጽ ጽሑፍ ከም ጭብጢ ቀሪቡ። እስኪ ነታ ሕዳር 1971 ብዕሊ ዝወጸት ጽሕፍቲ እታ ውድብ ነንብባ። እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ብእሲያስ ኣፈወርቂ ዝመርሓ ጉጅለ ዝወጸት ዕላዊት ጽሕፍቲ ኢያ። ኣብ ናይ ምፍልላይ መድረኽ ዘደየበ ግን ንሱ ብወገኑ ንምምዕርራይ ኣንታይ ኣማዓራርዩን ኣመሓሽን ክንግምግም ታሪኽና ንድሕሪት ምስል ኢልና ምስ እነማዕዱ ኣበይ ኢና ተዘንጊዕና ዘብረሃልና ኣንፈት ክረክብ ንኽእል ኣብል። ብጭብጢ ዝተፈጸመ ከም ዘለዎ እንበር ናተይ ባዕላዊ ጽሑፍ ኣይኮንኩን ዘቕርብ ዘለኹ። እቲ ሰነድ ምሳይ ስለ ዘሎ እሞ ድማ ዝተረጋገጽ ስለ ዝኾነ፣ ዓቕምን ካልእ ክማላእ ዝግብኦ ምስ ዝማላኣለይ ዕድመን ጥዕናን ይሃበና እንበር፣ ንብረት ህዝቢ ስለ ዝኾነ ከም ጸነድ ምስ ጭብጡ ከቕርቦ ኢየ።

ነዛ ብኢ.ድ ዝተጻሕፈትን መግለጺት ናይ ህዝብዊ ሓይልታት ካብታ ብኢሰያስ ድሕሪ ምንጻል እታ ውድብ፣ ንኤውሮጳ ዝርከቡ ሓደስቲ ስሩዓት ዝተጻሕፈትን፣ ብፍላይ ድማ ኣብ 15.02.1986 ካብ ኣብ ወከሊ ውድብ ዝኾነነ ቤት-ጽሕፈቱን ምስ ክታም ኢሰያስ ዘለዋ መረጋገጺት ሰነድ ኢየ ዘቕርባ ዘለኹ። እዚ ኣብቲ እዋን ዕድምኡ 26 ዓመት ዝኾነ ኣተሓሳስብኡ ከመይ ዝበለ ነይሩ? ሕጂ’ኸ ብተዛማዲ ኣነጻጺርካ እንታይ ለውጢ ኣምጺኡ ንምግማጋም ዘኽእል፣ መነጻጸሪት ሰነዲ ኢያ። ትንታኔ ናይቲ ብድሕሪ ኣጸሓሕፋን ለውጢን ግን ነተን 24 ገጻት በብዕለቱ ቀጻሊ ድሕሪ ምቕራብይ ኢየ ርእይቶይ ዝህብ።

(እታ24 ገጽ ዘለዋ ጽሕፍቲ ብኢ.ድ ዝተጻሕፈትሉ ዕለታ ሕዳር 1971።)

***<u>ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ</u>***
***<u>ንሕናን ዕላማናን።</u>***
*ሕዳር* 1971 *ዓ.ም.ፈ*
*ገጽ* 1
*ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ንሕና መን ምዃናን ርእይቶና ብዛዕባ ሓደ-ሓደ ፖለቲካዊ ኩነታት ናይ ሃገርናን ዝገልጽ ጽሑፋት በብግዜኡ ዘርጊሕና እኳ እንተነበርና ካብ ዋሕዲ ገንዘብን መሳርሕን ጽሑፋትና ናብቲ ዝድለ ቦታታት ከም ዘይበጽሐ ንርድኦን ንፈልጦን ኢና።*

*ሕጂ ነቲ ዓቢ ዕድልን ምቹእ ግዜን ረኺብና ,,ሕናን ዕላማናን“ ብዝብል ኣርእስቲ እነቕርቦ ታሪኻዊ ጽሑፍ፣ ኣገደስቲ ንጉዳይ ሃገርና ኤርትርን ህዝቢ ኤርትራን፣ ንደገፍትና ብፍላይ ን፡ ንህዝቢ ዓለም ድማ ብሓፈሻ፣ ሚዛን ዘለዎ ስለ ዝኾነ ፥ሽለልትነት ከይወሃቦ እናኣዘኻኸርናን እናእጠንቀቕናን፣ ንሕና መን ከም ዝኾናን ንምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነስ ሃገርና ኤርትራን ህዝባን ገድሉን እንታይ ከም ዝኾነ ክፈልጥ ንዝደሊ ተገዳሲ ብሩህን ኣጽጋብን መልሲ ከም ዘለዎ ነረጋግጽ።*

*ኝሕና ማልት እዞም ኣብ ቅድመኹም ዘለና ተጋደልቲ ኤርትራውያን እቶም ብመጋቢት* 1969 *ዓ.ም.ፈ ካብ ምምሕዳር ,,ቕያድ ኣል ዓማ“ ዝተፈለና ኢና። እወ ንሕና ዳርጋ ኩላትና ወይ መብዛሕትና ብትውልዲ ብባህልን ብታሪኽን ክርስትያን ኢና። ብደገ ናይ ኩነታትና ህላዌ ዝርአ እውን ,,ሃይማኖታውያን“ ኢዮም ይብል ይኸውን፣ ዕላማና ዘይፈልጥ ከምኡ ምስ ዝብል ኣይታሓዞን ኢዩ ምባል ብሽልልትነት ክንሓልፎ ስለ ዘይንደሊ ግን መንነትናን ዕላማናን ክፈልጥ ንዝደሊ ንጽሑፍና ብምሉኡ ንክንብብ ሓደራ ንብል።*

**ብንባብን ብወረን ዘይኮነ እውን ብዛዕባና ግር ዝብሉ ነገራት ምስ ዝህልዉ ክንራኸቦን ክነፍልጦን ቅሩባት ከም ዝኾና ነረጋግጽ።**

**ንሓና ንምንታይ ከምዚ ሙዃናን_ ንምንታይ  ከምእተፈለናን መድወኛ ትርጉም ርሕቐት ምኽንያት ንርድኦ እኳ እንተ ኮንና ተዓዘብትን ተገደስትን፣ ክርስትያን ንምንታይ ተፈልዮም፣ ከመይ ኢሎም ተፈልዮም? መኣስከ ተፈልዮም? እንታይ እዩ ዕላምኦም? እንታይ ኢዩ ድልየቶም? ሃይማኖታውያን ዲዮም ሃገራውያን? ተጋደልቲ ዲዮም ምእመናን? መድሓርሓርቲ ድይም ገስገስቲ? እንታይ……..፣ ከመይ…….? ስለምንታይ……..? እናበሉ ከምዝሓቱ፡ ምስ ገዛእ ርእሶም ተመራሚሮም ኣጽጋቢ መልሲ ከይረኸቡ ከም ዝሸገሩ ንግንዘቦ ኢና። ንሱ ተሪፉ ዝተዘወረ መልሲ ርኺቦም ዝሓምዩናን ዝጸልኡናን ከም ዘለዉ ኣይንስሕቶን ኢና። ብዛዕባ ኩነታትና ሕቶታት ጥራይ ኣይኮነን ንሕተት፣ ርእይቶታት እውን ይወሃብ እዩ። ብዙሓት ናህና ተመሲሎም (ገጽ 2) ,,እንቋዕ ደኣ ካብ ኣስላም ተፈልዩ“፣ ገለ“ውን ,,እንቋዕ ደኣ ተፈልዩ፣ ክንደይ ኢሎም ደኣ ክጽመሙ“ ሓደ-ሓደ ድማ ,,እዚኣቶም ሃይመኖታውያን ኢዮም“ እዚባ……. እቲባ እናበሉ ኣብ ናይ ሕልሚ ዓራት ኣትዮም፣ ዝትንትንዎ ርእይቶታት ይይቡ ይኾኑ። ኮታ ንዓና ንምቅላል፡ ንምንኣድ፡ ንምፍርራሕ፡ ንምክፋእ፣ ንምእራም፣ ንምግዛእን ካልእ ነንበይኑ ሸቶታት ዘለዎ ዕላማታትን ናብ ምምራሕ ዝወሃቦ ርእይቶታት ካብ ቁጽሪ ናይቶም ብሃልቱ ይበዝሕ ይኸውን።**

**ንሓታቲ ዘጽግብ መልሲ ንምሃብ፣ ከታልለና ንዝፍትን ካብ ድኻሙ ከም ዘቋርጽ ንምግባር፣ ንዝንእደና ናይ ምስጋና ቃል ንምቕራብ፣ ክገዝኣና ንዝፍትን መልክዕና ከምዘይንቕይር ንምርግጋጽ፣ ክእርመና ንዝፍትን ንደልዩ ሓሳባቱ ንምቕባል፣ ክገዝኣና ንዝፍትን ዕንጸይቲ ወይ እንስሳ ከምዘይኮና ንምርግጋጽ፣ ናትና’ምበር ናይ ካልኦት ሓላፍነት ከም ዘይኮነ ንርዳእ ኢና። እንታይነትና ዕላማናን ድምድ ቅድሚ ኩሉ ሓታትን ለፍላፍን ንሕና ባዕላትና ኣጸቢቕና ስለ ንፈልጦ መንነትና ንግላጽን ዕላማና ንምብራህን ናትና ሓላፍነት እምበር ናይ ካልእ ከምዘይኮነ እናኣፍለጥና፣ ጽሑፍና ጉሉሕ መረዳእታ ንክኸው ተስፋ ንገብር።**

**ኣብ ገጽ ክልተ ዝቕጽል ኣርእስቲ <u>*,,ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ ሃገርና ኤርትራን ሕብረተ-ሰባን“*</u> ዝብል ኢዩ ክቕጽል።**

**ጽቡቕ ምክትታልን ንባብን።**

**ተስፋ ዘውደ**